# ንግደት
# ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ
## (ገርጊስ መጋርሕ)
## ፍራንክፉርት (ቫልዶርፍ) - ጀርመን
## 31 ነሓሰ 2013



ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ ብዕለት 31 ነሓሰ 2013 (ቀዳም) ኣብ ከተማ ፍራንክፉርት (ቫልዶርፍ) ጀርመን ብዓቢ ዓጀባ ከቢሩ ውዒሉ። ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ጀርመን ከምኡ'ውን ኣብ ኤውሮጳ እዩ ብዒሉ ውዒሉ። ንንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ ንምብዓል ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ጀርመንን፡ ካብ ሃገራት ሽወደን፡ ሆላንድ፡ ኣውስትርያ ከምኡ'ውን ስዊዘርላንድን ልዕሊ 400 ዝኾኑ ዓበይትን መንእሰያትን ቆልዑን ተኻፊሎሞ።

*መጋርሕ ኣብ ናይ ቀደም ታሪኽ፡ ከም ናይ ከባቢ ከረን መጸውዒ እዩ ዝፍለጥ።* ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ ብስርዓት ቅዳሴ ግዕዝ ብካህናት ክቡር ኣባ ዳዊት ዘርኣማርያም፣ቆሞስ ቁምስና ደብረ ኪዳነ ምሕረት ፍራንክፎርትን ከባቢኣን፡ ክቡር ኣባ ክብረኣብ ሰዓድ፣ ክቡር ኣባ መስቀል ኣቢብ ከምኡ'ውን ብኽቡራት ዲያቆናትን መዘምራን ተሰኒዩ ሰዓት 11፡00 ቅ.ቀ. ብዓጀባ ጀሚሩ፡



ካህናትን ድያቆናትን ኣብ ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ



*መዘመራን ቁምስና ደብረ ኪዳነ ምሕረት ፍራንክፎርትን ከባቢኣን፡ ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ እናዘመሩ*



ምእመናን ኣብ ቅዳሴ ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ



ምእመናን ኣብ ቅዳሴ ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ



ኣባ መስቀል ኣቢብ ኣብ ስብከቶም ንታሪኻዊ ክብደትን ትርጉምን ታቦት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ ድሕሪ ምግላጽ፡ ነዚ ዓቢ ታሪኻዊ ደብርን ንግደትን ክትዝክርዎን ክተብዕልዎን ምጅማርኩም፡ ብሓቂ ዝንኣድ ተበግሶ እዩ፡ ኢሎም። ብምቅጻል ከኣ፡ „ጀመርቲ ጥራይ ኣይትኹኑ፡ ቀጸልቲ'ውን ክትኮኑን ናብ ደቅኹም ክተመሓላልፍዎን ኣሎኩም" ብምባል፡ ንኣዳለውትን ምእመናንን ንግደት ተማሕጺኖም። ሓው ሙሴ መርከ እውን ታሪኽ ቅዱስ ጊዮርጊስ ብዝምልከት ኣስፊሑ ገሊጹ።

ክቡር ኣባ መስቀል ኣብ ስብከት ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ









ስርዓተ-ቅዳሴ ንግደት ብመዝሙርን ብውዳሴን ብዋዜማን ድሕሪ ምድምዳሙ፡ ተኻፊልቲ ንግደት ኣብ ተዳልዩ ዝነበረ ኣደራሽ ኣምሪሖም፡ ነቲ ብብዙሕ ጻዕሪ ኣደታትን ኣሓትን ኣሕዋትን ከተማ ፍራንክፎርትን ከባቢኣን ዝተዳለወ በብዓይነቱ መግቢ ተመጊቦም።



## ዶ/ር ክፍለማርያም ሓምደ



ኣሲዒቡ ዶ/ር ክፍለማርያም ሓምደ፡ ብዛዕባ ታሪኽ ታቦት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ ሰፊሕን መሳጥን ኣስተምህሮ ኣቕሪቡ። ዶ/ር ክፍለማርይም ሓምደ፡ ታቦት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ (ገርጊስ መጋርሕ) ኣብ ሕብረተ-ሰብ ከባቢ ከረን ዓቢ ታሪኽን ዝናን ዝነበሮን ዘለዎን ደብሪ ምዃኑ ገሊጹ። ብፍላይ ክሳብ ምቕልቓል ኤውሮጳውያን ሚስዮናውያንን መግዛእቲ ጣልያንን ታቦት/ደብሪ ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ ርእሰ-ኣድባራት ናይ ከባቢ ከረን ኮይኑ፡ ከምኡ'ውን ማእከል ሃይማኖት ክርስትናን ማእከል ሕግን ናይ'ቲ ከባቢ ከምዝነበረን ገሊጹ። ቤተ-ካህናት ዝተባህሉ እንዳ፡ ናይ'ዚ ርእሰ-ኣድባራት መራሕቲ ሃይማኖትን፡ ዓጠንትን፡ ሓለውቲ ታቦትን ከምዝነበርዎ ኣብሪሁ።

*ዶ/ር ክፍለማርያም ሓምደ መደረ ብዛዕባ ታሪኽ ታቦት/ደብረ ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ እናሃበ።*

## መደብ መንእሰያትን ቆልዑን

ብመንእሰያት ፍራንክፉርትን ከባቢኣን ዝተዳለወ፡ ንመንእሰያትን ቆልዑን ዝኸውን መደብ'ውን ተዳልዩ ነይሩ። ነዚ መደብ'እዚ ዘዳለዉ መንእሰያት ብወገኖም፡ ኣቀዲሞም ብ ፈይስ ቡክን ኢንተርነትን (Facebook) ንበዓል ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ ኣቃሊሖሞ ስለዝነበሩ፡ ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ንግደት ተኻፊሎም። ብተበግሶ ናይ'ዞም መንእሰያት'ውን „WE LOVE KEREN" ዝብል ጽሑፍ ዘለዎ ማልያታትን ካልእ መዘከርታታትን ታዳልዩ ነይሩ። ነዚ ንኡድ ተበግሶ ከኣ ክቕጽልዎ ምኻኖም መንእሰያት ቃል ኣትዮም።

*መደባት መንእሰያትን ቆልዑን ዘዳለዉ መንእሰያት ኣብ ኣደራሽ ንግደት*









ምሸት ሳዕስዒትን ምዝጋዕን ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ











ምሸት ሳዕስዒትን ምዝጋዕን ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ

ብድሕሪ'ዚ እቲ ምሸት ናይ ሳዕስዒትን ምዝንጋዕን ዕላልን ኲዩኑ ክሳብ ኣስታት ሰዓት 02:00 ናይ ለይቲ ቀጺሉ:: ዓመታዊ ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት መወዳእታ ወርሒ ነሓሰ (ቀዳም) ክንገድ እዩ። ናይ 2014 ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ ኣብ ዕለት 30.08.2014 (ቀዳም፣ ቦታ፣ ፍራንክፉርት ቫልዶርፍ) ክብዕል እዩ። ኣብ ዝመጽእ ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ 2014 ንኹሉ ግዱስ ብሓባር ንዕድም።

ኣዳለውቲ ንግደት ቅዱስ ጊዮርጊስ መጋርሕ
ፍራንክፉርት፣ ጀርመን
18 መስከረም 2013